# ወግዕን ጸወታን
## ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፩

ቀጺለ ዘቕርበን ጽሑፋት ካብ ሠላሳ ዓመታት ንላዕሊ ኣቢሉ ይኸውን፣ ኣቦይ ዘመንፈስ ቅዱስ ኣብርሃ ብስራሕ ናብ ኣዲስ ኣበባ መጺኦም ነበሩ'ሞ፤ "ኣብዚኣ ሓደ ዓብዪ ሰብ ኣለው፣ ንጠይቆም…" ኢሎም ናብ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ ሩፋኤል ወሲዶም ምስ ኣፋለጡኒ፣ ገዝኦም እናተማላለስኩ ብዝጠየቕክዎም እዋናት ዘዛረቡኒ ወግዕታት እዩ። ዘበኑ ንውሕ ስለ ዝበለ ድማ ሓድ-ሓደ ዝረሳዕኹዎ፣ ወይ ዘጋጌኹዎ እንተሊኡ 'ይቕሬታ!' እናበልኩ፣ ኽቡር ኣንባቢ ንጌጋታተይ ባዕልኻ ኣሪምካ ንኽተብበለይ እልምን ኣለኹ።


ቀሺ ገ/ኣምላኽ ብንእስነቶም*

ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ ሩፋኤል ትውልዶም ኣማድር ዝብሃል ቦታ፣ ኣብ ኤርትራ እዩ። ግን ገና ብንእስነቶ ናብ ኣዲስ ኣበባ መጺኦም፣ በቲ ኣነ ዝረኸብኩዎም ጊዜ ድማ ዕድሜኦም ልዕሊ ሰማንያ ዓመት ኮይኑ፣ በዓልቲ ቤቶም ሞይተንኦም፣ ደቆም ነናብ ቦታኦምን ነናብ ሓዳሮምን ከይዶም፣ ብኣካቢት ኣብ ገዛ በይኖም ኣብ ዝነብሩሉ ዝነበሩ እዋን እዩ። ግንከ ዕድሚኦም ካብ ሰማንያ ዓመት ንላዕሊ እኳ እንተ ነበረስ፣ ጥዕንኦም ሙሉእ፣ ኣዕይንቶም ብሩህ፣ መልክዖም ድማ ይትረፍያ ሰማንያስ፣ ሰብዓ ዓመት እኳ ዝገበሩ ኣይመስሉን ነበሩ። ደጋጊመ ንኽጥይቖም ምስ ተማላለስኩ ድማ፤

"ኣንታ ወደይ፣ እንታይ ደገ ጽንዓት ደኣ ሃሊኡካ ኢኻ እትማላለስ?" በሉኒ።

ኣነ ድማ፣ "ኣቦይ ቀሺ፣ በይንኹም ኮይንኩም ኢለ፣ ኽይጽምወኩም፣ ንኽጻውተኩም ደኣ እምበር፣ ምንም ደገ-ጽንዓትስ የብለይን…" በልኩዎም።

"ወይ ወደይ፣ የቕንየለይ። ርኤኻዶ፣ ሎሚ ኣብዚኣ በይነይ ተሪፈ እትርእየኒ ዘሎኻ፣ ኣብዛ ገዛ ዓሰርተ-ኽልተ ቖልዑ ከም እተወለዱዶ ትፈልጥ ኢኻ?" በሉኒ።

"ብዙሓት ደቂ ምውላድኩም ደኣምበር፣ ደቅኹም ዓሰርተ-ኽልተ ቖልዑ ምኳኖምስ ኣይፈልጥን ኔይረ።" በልኩዎም።

"ረኤኻዩ ዓለም ከምኡ እያ። ወሊድካ፣ ኣዕቢኻ፣ ኣምሂርካ፣ መወዳእታኡ ግን ኩሎም ጠጠንጢኖሙኻ፣ ኣውዲቖሙኻ እዮም ነናብ ሓዳሮም ዚኸዱ!" በሉኒ።

"ሓድ-ሓደሻዕዶ እኳ እናመጹ ኣይጥይቑኹምን እዮም?" በልኩዎም።

"ይጥይቑኒ እባ፣ እሞ ኣበይ ዚኣክል ኮይኑ? ደቂ-ደቀይ እውን ኣለውኒ ዚጥይቑኒ፣ ግን ዚበዝሕስ ጊዜስ በይነይ እየ። ኩሉ ነናብ ሓዳሩ እዩ ዚጐዪ…" በሉኒ።

* ነዛ ስእሊ ብምሃብን ሓድ-ሓደ ጌጋታ ብምእራምን ንዝረድኡኒ፣ ንኣቶ መዝገቡ ገ/ኣምላኽ፣ ወዲ ቐሺ ገ/ኣምላኽ ሩፋኤል፣ ብዙሕን፣ ልባዊን ምስጋናይ ኣቕርብ።

ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ሽወደን ሚስዩን ቤት ትምህርቲ ብመምህርና ዘገልገሉ ሰብ እዮም። ብቕድሚኡውን ኣብ ተፈሪ መኰነን ናይ ስዋስውን ግብረ-ገብነትን መምህር ኮይኖም ንብዙሕ ዓመታት ምሂሮም እዮም።

ብዛዕባ መምህርናኦም ኪዛረቡ ኸለው ድማ፤ "ተምሃሮይ ጽሩያት ንኺኾኑለይ፣ ጽርየት ድማ ኣዝዩ ኣድላዪ ምኳኑ ንኽምህሮም ኣብ ጁባይ መሰንተር ሒዘ እዘውር ነበርኩ። ሐደ ተምሃረይ ርስሕ ኢሉ እንተ ርእየዮ፣ 'ንዓ!" ኢለ፣ ኣእዳዉን ኣጻብዕቱን፣ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ኣጽፉሩ ርስሓት ከይህሉ ኣጋላቢጠ እየ ዝምልከቶ። ቐጺለ ድማ ጸጉሪ ርእሱ… ርስሕ ኢሉ ንዝረኤኹዎ ድማ በታ መሰንተር ሒዘ፣ ርእሱ አድኒነ አብጭሮ ነበርኩ። ክብጭሮ ከለኹ ድማ ጻዕዳ ወረቐት ብታሕቲ ጌረ ካብቲ ርእሱ ቁማል ኮነ፣ ድርቀት ርእሲ (ፎረፎር)፣ ካልእውን ዚወጽእ ርስሓት እንተሊኡ ንኺርኢ እገብሮ…"

"ኣንቱም ኣቦይ ቀሺ፣ ንተምሃራይ ኣብ መገዲ፣ ኣብ ቅድሚ ሓላፊ ሰብን ኣብ ቅድሚ ካልኦት ተምሃሮን ቁማል ርእሱ በጪርኩም፣ ሕፍረትን ውርደትን ተሰሚዕዎ ሞራሉ እንተ ተሰብረ ድኣ'ኸ፣ እዙ ነገር እዙይ ጽቡቕ ድዩ?" በልኩዎም።

"ወደይ፣ ይትረፍዶ ምብጫር ርእሲስ መግረፍትስ እንተኾነ ተምሃራይ ንበይኑ ሓቢእኻ ድዩ ዚግረፍ? ኣይ ኣብ ቅድሚ ተምሃሮ እንዶ ዚግረፍ! ምእንቲ ኺሓፍርን ውርደት ኪስምዖን፣ ንኻልኣይ ጊዜውን ደጊሙ ንኸየጥፍእን እኮ እዩ፤ ኻሊእዶ መሲሉካ? ኩሉ ተምሃራይ ሽዑ እዩ ጽሬት ምሕላው ዚጅምር!" በሉ።

ይቕጽል…

ገ/ኢ. ጐርፉ።

# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፪

**ካብ ዝሓለፈ ዝቐጸለ…**
**“ምግራፍ ተምሃሮ ኢልና ካብ ኣልዓልናስ በሉ ጨካን ተዋቓዒ መምህር ኢኹም ኔርኩም እዩ ዚብሃል፣ እሞ ብዛዕባ እዙይከ እንታይ ትብሉ?”**

**“መቸም ሽዑ ጊዜ መምህራን ኩልና ንተምሃራይ ዘይወቅዕን፣ ዘይገርፍን፣ ኣይነበረን። እንታይ ሕሉፍ ኣዋቓቕዓ ነይሩኒ ኢልካ ኢኻ? መቕጻዕቲ እኮ ዓብዪ ትምህርቲ እዩ። ኣብ ልዕሊ እዙይ መምህር ግብረ-ገብነት ስለ ዝኾንኩ፣ ናይ ግብረ-ገብነት መምህር ድማ ተቓጻዒ ኪኸውን ስለዚግብኦ ደኣ እዩ እምበር ጨካንስ ኣይነበርኩን። መምህር ግብረ-ገብነት እንተ ዘይዋቓዕ ኾይኑ እማ ስርሑ ፈቲሑ ማለት እዩ።”**

**“ቖልዑ ከይተወቕዑዶ ምምሃር ኣይከኣልን እዩ? ኣብ ዓዲ ጸዐዱ ተምሃሮ ፈጺሞም ኣይውቅዑን እዩ ዚበሃል፣ ከመይ ገይሮም ድኣ ይቐጽዕዎም።”**

**“ናይ ዓዲ ጸዐዱ ኣይፈልጥን፣ ናትና መቅጻዕቲ ግን ተምሃራይ ፈሪሑ ምእንቲ ኺእረም እዩ እምበር፣ ንኺጉዳእ ወይ ንኻሊእዶ መሲሉካ? ዚበዝሕ ተምሃራይ ኣይግረፍ፣ ኣይውቓዕ፣ ሰጥ ኢሉ እዩ ዚምሃር። እቲ ኣሸጋሪ ቖልዓ ቁጽሩ ቁሩብ እዩ። ኣነ ግን ካብ ምውቃዕስ ምምብርካኽ ደኣ እኳ እፈቱ ነበርኩ። ንተምሃራይ ከከም በደሉ፣ ንዓሰርተ ደቒቓ፣ ንፍርቂ ሰዓት፣ ንስዓት፣ ካብኡ ንላዕሊውን እንተ ኾነ፣ ከከም በደሉ ኢና እነምበርክኾ ዝነበርና።”**

**“እሞ ምንብርካኽ ጥራይ ድዩ ወይስ ካሊእውን ኣለዎ?”**

**“ዚበዝሕ ቖልዐ ምምብርካኽ ጥራይ እዩ፣ ሓል-ሓሊፉ ግን ኣብ ጸጸር ወይ ሑጻ ከም ዚምብርከኽ ይግበር፣ ተምበርኪኹውን ኣእዳዉ ከም ዝዝርግሕ ዚግበር ኣሎ። ቁሩብ ግድድ ንዝበለ ድማ ኣእዳው ኣእማን ከም ዚስከም እንገብረሉ ጊዜውን ነይሩ።”**

**“ብኣምዐ እውን ተምሃሮ ይግረፉ ኔሮም ይበሃል።”**

**“እወ፣ ኣምዐ ኣብዙ ሃገር ‘ሳማ’ እዮም ዚብልዎ እሞ እተለምደ መቕጻዕቲ እዩ ነይሩ። ንዝበደለ ብሳማ ኣእዳዉ፣ ኣእጋሩ ልብ-ልብ፣ ልብ-ልብ ኣቢልካ ትገርፎ።”**

**“እቲ ኣምዐ ደኣ ነቲ መምህርከ ኣየሕምሞንዶ እዩ? ከመይ ጌሩኸ ተምሃሮ ይገርፈሉ?”**

**“እቲ መምህር እማ ነታ ኣምዐ ተጠንቂቑ ብወረቐት፣ ወይ ብጨርቂ እዩ ዚሕዛ። ገለ ስሕት ኢላ እንተ መልቔት እሞ እንት ነኺኣትካ ሙሉእ መዓልቲ ኢድካ ከም ሓዊ ኽትልብለብ ኢኻ እትውዕል።”**

**“እሞ እዙ ኹሉ መቕጻዕቲታት ተቐጺዑኸ ተምሃራይ ይእረምዶ፣ ወይስ ስቕ ኢልኩም ኢኹም እትደኽሙ ኔርኩም፣ ከመይ እዩ ርእይቶኹም?”**

**“ዚበዝሕ ሰብ ይእረም እዩ፣ ሓድ-ሓደ ቖልዓ ግን ፈጺሙ ዘይእረም ኣሎ። ከምቲ ኣነ ዝተዓዘብኩዎ፣ ዳርጋ ኹሉ ኸከም ቤተ-ሰቡ እዩ ዚኸይድ። ካብ ደሓን ቤተ-ሰብ ዝመጸ እንተ ኾይኑ መቕጻዕቲውን ኣየድልዮን፣ ዝበዝሕ ኣብ በቤቱ ተቐጺዑ ዝዓበየ እንድዩ!**

ኣብ ቤቱ ኸይተቐጽዔ ዝዓበየ እንተ ኾይኑ ድማ ሓንሳእ፣ ወይ ክልተ-ሳዕ ተቐጺዑ ሰጥ ይብል። ሓድ-ሓደ ኻብ ክፉእ ቤተ-ሰብ ዝመጸ፣ ወይ ድማ ፍሉጥ ቤተ-ሰብ ዘይብሉ እንተ ኾይኑ ግና ተቐጺዑውን ከቶ ዘይቕጻዕ፣ ምንም ዘይእረምውን ኣሎ።"

"እሞ ነቱ ዘይእረምከ ደኣ እንታይ ትገብርዎ?" በልኩዎም።

"ዋእ! ንዘይእረም ደኣ እንታይ ክንገብሮ፣ ካብ ቤት ትምህርቲ ኣውጺእኻ ምስጓጉ እዩ እምበር። ነቲ ሕማቕ ኣመሉ ገና ናብ ካልኦት ከየተሓላለፎ ኸሎ፣ ቐልጢፍካ ብተሎ ምስጓጉ የድሊ። እንተ ዘየሎ ብሓጺር ጊዜ ንኹሉ ተምሃራይ እዩ ዘባላሾም። ንሓንቲ ዝመሽመሸት ፍረ ካብ ካልኦት ፍሬታት ፈሊኻ፣ ኣውጺእኻ እንተ ዘይደርቢኻያ፣ ንኹለን ፍሬታት ብሓጺር ጊዜ እያ እተባላሽወን። ቐልዑ እውን ከምኡ እዮም።"

"እቲ ሕማቕ ኣመል ተብሂሉ፣ ናብ ካልኦት ተምሃሮ ንኸይተሓላለፍ እትሕልውዎን እትጥንቀቑሉን ዝነበርኩምከ ደኣ እንታይ፣ እንታይ ዝዓይነቱ ኣመላት እዩ ዝነበረ?"

"ኣውራ ሕማቕ ኣመል ስንፍና፣ መምህር ዝበለካ ዘይምስማዕ፣ ዘይምእዛዝ፣ ሓሶት፣ ስርቂ፣ ናይ ቤት ሥራሕ ተውሂቡካ ዘይምሥራሕ፣ ጽሬትካ ዘይምሓላው፣ ሓድ-ሓደ ተምሃራይ ድማ ሽጋራ ዚሰቲ፣ ካልዕ ዕውልናውን ዝለመደ ነበረ። ንኸምዚ ዝመሰሉ ቖልዑ ሰኞ ኢልካ እንተ ርኢኻዮም ብሓጺር ጊዜ ነታ ሕማቕ ኣመሎም ናብ ኩሎም ተምሃሮ እዮም ዘተሓላልፍዋ። ሽዑ ብዘሎ እቲ ቤት ትምህርቲ ተባላሸዩ ማለት እዩ።"

**ይቕጽል...**

**ገ/ኢ. ጐርፉ።**

# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፫

**ዝቕጽለ...**
ኣቦይ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ ዓሰርተ ኽልተ ደቂ ከምዝወለዱ ኣብዝሓለፈ ተገሊጹ ነይሩ። ካብ ደቆም ግና ክልተ ዓብዮም በጽሒታት ምስኮኑ ርእሶም ምቕታሎም ብምስማዐይ፤ እንታይ ኮይኖም ርእሶም ከምዝቕተሉ ንምፍላጥ ብዛዕብኡ ምጥያቖም ፈሪሔ፣ ሰጋእ-መጋእ እናበልኩ ነዊሕ ጊዜ ሓለፈ። ኣብ መወዳእታ ግና ጨኪነ ጠየቕኩዎም።

“ኣቦይ ቀሺ፣ ዝበጽሓኩም መቸም ብዙሕ ዘሕዝን እዩ፣ እንካብ ደቅኹምስ ክልተ ርእሶም ምቕታሎም ሰሚዐ። እንታይ ኮይኖም ደኣ ርእሶም ቀተሉ ይብሃል?”

“ወደይ እንታይ ፈሊጥና፣ ብቑልዕነቶም ኣብ ገዛ ኽለው ኽምኮነስ ምፍላጥ ምተኽኣለ፤ ግና ዓብዮም፣ ርእሶም ክኢሎም፣ ሙሉኣት ሰባት ኮይኖም እዮም ርእሶም ዝቐተሉ። ኩሉ ሰብ ኣብ ሕይወቱ ብዙሕ ፈተናታት ከም ዘጋጥሞ እተፈልጠ እዩ፣ ግንከ ክሳብ ንርእስኻ ዘቕትል ነገር እንታይ ከምዘጋጠሞም ንሕና እሞ እንታይ ፈሊጥና?።”

“እቱ ሓዘኑ ደኣ ኸመይ ከኣልኩምዎ! እሞ ኽኣ ሞት ሓደ እኳ ኽይኣክልስ ክልቲኦም ደቅኹም፣ እዙይስ ጉድ እዩ። ሓዘኑኽ ደኣ እሞ ኸመይ ኢሉ ወጸልኩም?”

“መቸም ንወላዲ ሓዘን ውሉድዶ ወጺኡ ዚወጽእ መሲሉካ? ግንከ ምስ ወረደካ እንታይ ደኣ’ሞ ይግበር? ብፈለምኡ ኣይሃብካ፣ ኣይውረድካ ምባል እዩ እምበር፣ ምስ ወረደካስ ናበይ ድኣ ይእቶ፣ ‘በቲ ዜኽእለኒ እግዚኣሔር ንዚበጽሓኒ ኹሉ እኽእሎ...’ ኢናበልካ ንኹሉ ምኽኣል ጥራይ እዩ እምበር...”

“ኣብቲ ጊዜ ሓዘን ድማ ንርእስኹም ተጸናኒዕኹምስ ንሓዘንተኛታት ከም እተጸናንዑ ዝነበርኩም እዩ ዚውረየልኩም። ብርቱዕ ሰብ ኢኹም ማለት እዩ።”

“ሰብ ብርቱዕ የብሉን። እግዚኣብሔር እዩ እምበር ሰብዶ ሓዘን ልቢ ዘጻናንዕ ኾይኑ!”

“ብዛዕባ ሓዘንኩምዶ ቁሩብ ትዝክሩ? ንነዊሕ ጊዜዶ ሓዘን ተቐሚጥኩም ኔርኩም?”

“ካብ መጀመርትኡ ርእሱ ባዕሉ ንዝቐተለ ሰብ ከመይ ኢልካውን ከምእትሓዝነሉ እዩ ዚጨንቀካ። እናጸናሕኻ ግን፤ ‘ኣነ ደኾን ዘጉሃኹዎ ነገር ይህሉ፣ ብኣይ ሓዚኑ ድዩ? እንታይ ኮን በዲለዮ ነይረ እየ?’ እናበልካ ኣብ ብዙሕ ጓሂ ትኣቱ። ይኹን ደኣ እምበር ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ሓዘን ከፍ ኢለ ኣይተቐመጥኩን።”

“መን ድኣ ደበሰኩም፣ ብኸመይ ደኣኽ ካብ ሓዘንኩም ተልዓልኩም?”

“ሓዘንተኛን ደባሳይን’ማ መሊኡ፣ ቤተሰብን ጕረቤትን ኩሉ። ቅድሚ-ቐዳድም ሓደ ሰብ ንርእሱ እዩ ዚነብር፣ ካብ ርእሱ ምስ ሓለፈ እዩ ንኻሊእ ኪረድእን፣ ኪጠቅምን ዚኽእል። ኣብ መወዳእታኡ ግን፣ እዚኦቶም ብሕይወት ንምንባር ካብ ዘይደለዩ፣ ነታ ርእሶም እውን ክሳዕ ንምቕታል ካብ በጽሑ፣ ‘ዋእ እምበኣርከ እታ ዝደለይዋ ዕረፍቲ እግዚኣብሔር ባዕሉ ይሃቦም!’ ኢለ ካብ ሓዘነይ ሽዑ እየ ዝተንሳእኹ።”

“ካብኡ ሓሊፉኽ ዘጸናንዓኩም ነገርዶ ኣሎ?”

"ዋእ፣ 'ከምቶም ተስፋ ዘይብሎም ኣረማውያን ኣይትኹኑ፣ ኣምሪርኩም እውን ኣይትሕዘኑ ...' እኮ እዩ ዚብል እቲ መጽሓፍ ቅዱስ። ከምቶም ኣረማውያን ኣይትኹኑ ማለት ድማ ሞት መወዳውታና ኣይኮነን፣ እንካብ እዚ ሕይወት እዚ ናብቲ ዚመጽእ መሰጋገሪ መሰላል እዩ፣ ስለዚ ሐደ ክርስትያን ንሓዘኑ ብልክዕ ኪገብሮ ይግብኦ ማለት እዩ። ኣብ ካልእ ድማ 'ንሱ ይሓልየልኩም እዩ እሞ ንሓልዮትኩም ኩሉ ኣብኡ ኣውድቕዎ...' ዚብል ጽሑፍ ኣሎ፣ ስለዚ ሓደ ሰብ ሓዘኑ ንእግዚኣብሔር ሂቡ ባዕሉ መጀመርታ ንርእሱ ኬጻናንዕ ይግብኦ። ንርእሱ ምስ ኣጸናንዔ ድማ ቐጺሉ ንኻልኦት ከጻናንዕ ይኽእል።"

**ይቕጽል**...

# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፬

**ዝቐጸለ...**

ብዛዕባ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ ኣብ ዝሓለፈ ከም እተገልጸ፣ ኣብ ጊዜ ሓዘን ደቆም ርእሶም ኣጸናኒዮምስ ንኻልኦት ንምጽንናዕ ብምኽኣሎም ብርቱዕ ሰብ ከም ዝነበሩ ርኢና። ካብኡ ሓሊፉ ድማ ብዓልቲ ቤቶም ሓሚመን ብዝነበራሉ እዋን ዘርኣይዎ ሕሉፍ ዝኾነ ጥንኩር መንፈስ ዝሰማዕኹዎ ነገር ስለ ዝነበረ፣ ብዛዕብኡ ሓደ ጊዜ ኣልዓልኩሎም፤

“ኣቦይ ቀሺ፣ ካሊእ ድማ ብርቱዕ ሰብ ምዃንኩም ዚንገረልኩም በቲ ብዓልቲ-ቤትኩም ሓሚመን ዝነበራሉ እዋን ባዕልኹም ከም ዘልዓልኩምወን እዩ።”

“እወ፣ ብዓልቲ ቤተይ ንነዊሕ እዋን ሓሚማ ነይራ።”

“እንታይ ኮይነን ሓመማ፣ ሕማመንከ እንታይን ከመይን ዓይነት ነበረ?”

“እተፋላለዩ ሓኻይም መርሚሮምዋ ነይሮም፣ ምንም ኪገብሩላ ኣይከኣሉን። ንሕማማ ዝፈለጠላን ኪሕክማ ዝኸኣለን ሓደኳ ኣይነበረን።”

“ንምዃኑ ከመይ ኢሉ ጀመረን እቲ ሕማም?”

“ገሊኦም ብዝሒ ደም እዩ፣ ገሊኦም ካብ ዛሕሊ ዝመጸ ከይኸውን፣ ገሊኦም ካብ ምግቢ ዝመጸ እዩ፣ ገሊኦም ንፋስ ምቕያር የድሊ ይብሉ፣ ካልኦት ድማ ድንገተኛ ንፋስ ወይ ቁሪ ወቒዑዋ እዩ ይብሉ። ምዝራብ የለ፣ ገለ የለ፣ ምግቢ ዝብሃል ኩሉ ምብላዕ ኣብያ ኣብ ሓጺር ጊዜ እያ ዝደኸመትን፣ ንምልዓል ሰኢና እተሰነፈትን።”

“ንስኹምከ ብዛዕባ ሕማመን እንታይ ትብሉ፣ ምኽንያቱኸ እንታይ ይመስለኩም?”

“ወደይ ኣነዶ ’ሞ ካብ ሓኻይም ንላዕሊ ፈሊጠ ኢልካኒ? ሓደ ሓኪም ድማ ካብ ሓዘን ደቃ እተላዕለ ከይኸውን ዝበለኒ እውን ነይሩ። ንምፍላጥ ኣሸጋሪ እዩ።”

“እሞ ባዕለይ እየ ዘላዕላ ኢልኩም ‘ሰብ ኣየቕርበላን’ ዝበልኩምከ እንታይ እዩ ነገሩ?”

“ዋእ ኣይ ኣካለይ እንድያ! ዓሰርተ-ኽልተ ቖልዑ ንዝወለደትለይ ሰበይተይ ከመይ ድኣ ባዕለይ ዘየላዕላ? ኣካላ እኮ ኣካለይ እዩ፣ ኣብ ኢድ ካሊእ ሰብ ክትወድቕ ኣይደለኹን። ኣነ ባዕለይ እየ ርስሓታ ጸሪገ፣ ሰውነታ ሓጺበ፣ ክሳዕ እታ እትሞተላ ጊዜ ኩሉ ዘድልያ እናገበርኩላ ዘላዓዓልኩዋ። ምንም ዝጐደላ ነገር ኣይነበረን።”

“ንሱ እኮ እዩ ብርቱዕ ሰብ ኢኹም ዜብለኩም።”

“ወደይ፣ ብርቱዕ ዚብሃል፣ ብዝሐልፈ ጊዜ እውን ነጊረካ ነይረ፣ እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ ዜብርትዕ እምበር ሰብ እንታይ ሓይሊ ኣሊእዎ ኢልካ ኢኻ? እግዚኣብሔር እቲ ጽሑፍ፤ ‘ካብ ዓቕምኹም ንላዕሊ ኣይትፍተኑን ኢኹም፣ ኣብቲ ፈተናኹም ድማ መውጽኢ ይህበኩም እዩ’ ከም ዚብሎ ንኹሉ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ኣይፍትኖን እዩ።”

“ናይ ቤት ሰራሕተኛ ወይ ኣገልጋሊት ድኣ ንምንታይ ዘይቆጸርኩም?”

“ናይ ቤት ኣገልጋሊትስ እባ ነይራ፣ ግን ንሳስ ኽዳውንቲ ትሓጽብ፣ ገዛ ትውልውል፣ ተጽሪ፣ ምግቢ ተዳሉ። እቲ ናብ ብዓልቲ ቤተይ ዚቐርብ ነገራት ኩሉ ግን ብኢደይ እዩ ዚሓልፍ። ማንም ካሊእ ሰብ ከቕርበላ ኣይደለኹን።”

“ኣቦይ ቀሺ፣ ጌጋ ደኣ ይኽልኣለይ እምበር ብሓቂ እትገርሙ ሰብ ኢኹም። ከምዚኡይ ጌሩ ንብዓልቲ ቤቱ ዚሕሉን፣ ዚከናኸንን ሰብ ተርእዩን፣ ተሰሚዑን ኣይፈልጥን።”

“ዋእ፣ ኣንታ ወደይ፣ እቲ ቓል-ኪዳን ማለት ድኣ እንታይ ድዩ? ናትና እኮ ኸም ሰብ ሎሚ፤ “ፈተኹኺ፣ ፈቶኹኻ” ተባሃሂልካ ዚእቶ ሓዳር ኣይነበረን። ‘እንተ ሓመመት፣ እንተ ያረት፣ እንተ ጸመመት፣ ኢደ-እግራ፣ ወይ ዝኾነ ኣካላታ እንተ ጐደለት ኽጾራ እየ፤ ሞት ክሳዕ ዝፋላልየና!’ ኢልካ ኣብ ቅድሚ ሰብን፣ እግዚኣብሔርን ምሒልካን፣ ጥሒልካን እኮ እዩ ዚእቶ! ንሳውን ከምኡ ንኽትገብር ምሒላን ጥሒላን እያ እትኣቱ፥ ስለዚ እቲ  ሕማም ንዓይ በጺሑኒ እንተ ዝኸውን ኔሩ ድማ ከምኡ ንኽትገብር ግቡኣ እዩ። ቃል-ኪዳን ሕጊ እንዳባ ጽኑዕ፣ ናይ ምሉእ ሕይወት ውሳነን፣ ማሕላን እንድዩ!”

**ይቕጽል**…

## [ወግዕን ጸወታን](#)
## [ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፮](#)

**ዝቐጸለ...**

“ስምዑስኪ ኣቦይ ቀሺ፣ ብዝሓለፈ ብዛዕባ ብዓልቲ ቤትኩም ኣልዒልና ኽነዋግዕ ኸለና፣ መውስቦ ናይ እንዳባ ጽኑዕ ምዃኑ፣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቃልኪዳን ጊዜ ዘሎ ማሕላውን ተዛሪብኩም ኔርኩም፥ እስኪ ብዛዕብኡ ካብ እትፈልጥዎ ነገራት ቁሩብ ንገሩኒ።”

“መውስቦ ትግራይን ዓዲ ኣምሓራን ሓደ ኣይኰነን፣ ኣብ ኣምሓራ ‘የሰማንያ ሚስት፣ የሰማንያ ባል’ ደኣ ይብሉ እምበር ከም ናትና ሕጊ እንዳባ ቓል-ኪዳን የብሉን። ናብ ኣጋ እርጋን ምስ ቀረቡ ድማ ብተኽሊል ቤተኽስያን ቃል-ኪዳን ዚኣትዉን ዚቖርቡን ሓድ-ሓደ ሰባት ኣለው። ኣባና ግን ሰብኣይን ሰበይትን ኻብ ንእስነቶም ጀሚሮም ቤተኽስያን ኸዱ ኣይከዱ፣ እታ ማሕላ ሕጊ እንዳባ እተለምደት እያ።”

“ ዋእ ኣብ ጽዓዱ ደኣ’ሞ ብንእስነት ቃል-ኪዳን ምትእትታው እኮ የለን፣ ከም ኣምሓራ እንድዩም። ብንእስነት ሓዳር ምጅማር ጸወታ ቖልዑ ኸይኸውን፣ ሰብኣይን ሰበይትን ብዕድሜ ብስል ምስ በሉ ምትእትታው ደኾን ካብ ፍትሕ የድሕን ይኸውን?”

“እዙይስ ኣይመስለንን፤ ኣብ ዓዲ ጸዓዱ ከም እንሰምዖ እንተኾይኑ፣ ብዙሕ ፍትሕ ኣለዎም።ሓዳር ተጋሩ ጽኑዕ ብምዃኑ ኣብ ዓዲ-ኣምሓራ ዚንገር ሓደ ዛንታ ኣሎ፦

“ኣልነገርኩሽም ወይ ባጥር ተንጠልጥየ ትግሬ ውሽማ እንጂ ባል ኣይሆንም ብየ!”

“እዙይ ዝተባህለሉ ምኽንያት፣ ትግራዋይ ብስራሕ ይኹን ብስደት ንዓዲ-ኣምሓራ መጺኡ ኣምሓረይቲ ውሽማ ሒዙ ንነዊሕ ጊዜ፣ ዓመት፣ ኽልተ ዓመት፣ ካብኡውን ንላዕሊ ይቕመጥ። ግን ስርሑ ምስ ወድኤ፣ ንውሽምኡ ጠንጢኑ፣ ዓዱ እዩ ዚምለስ። ነዙይ እዩ ኣንስቲ ኣምሓራ፤ *‘ትግሬ ውሽማ እንጂ ባል ኣይሆንም’* ዚብላ። እዙይ ድማ ዋና ምኽንያቱ እታ ብንእስነቱ ዝመሓላ ጽንዕቲ ቃል-ኪዳን ስለ ዝኣሰረቶ እዩ። ንዓዱ ተመሊሱ ድማ ናብ ሓዳሩ፣ ናብ ገዝኡ፣ ናብታ ብዓልቲ ቓል ኪዳኑ እዩ ዚኣቱ።

“ኣንቱም ኣቦይ ቀሺ፣ እሞ ኣምሓራ ከም ጽዓዱ ኾይኖም ማለት ድዩ? ኣረ ንምዃኑ ሓበሻ ንምንታይ ኢና ብስልጣኔ ብድሕሪ ጸዓዱ

ተሪፍና? ካብ ጽዓዱ ምናልባትዶ ፍሉይ ዝኾነ፣ ድኹም ፍጥረት ሃሊኡና እዩ፣ ወይስ እንታይ እዩ ምኽንያቱ?"

"እንታይ ፍሉይ ፍጥረት ድኣ ኺህሉ ኢልካዮ ኢኻ? ወደይ፣ ኩሉ ሰብ ሓደ እዩ።"

"ኣብ መጽሓፍ እነንብቦ ጸሊም ዓሌት፣ ደቂ ኻም፣ ብኖህ ተረጊሞም እዮም ዚብል ዛንታ ኣሎ። ስለ እተረገምና ድዩ? ብዛዕባ እዙይከ ደኣ እንታይ ትብሉ?"

"እወ፣ ዛንታ እዩ። ብመጽሓፍ ቅዱስ ወዲ-ወዱ ንኻም ሓደ ኸንኣን እተብሃለ ጥራይ ድኣ እዩ እምበር ኩሎም ደቂ ኻም እኮ ኣይኮኑን እተረግሙ፣ ስለዚ ጸሊም ዘርኢ ኩሉ ውሉድ ኻም ርጉም ኣይኮነን። ምስሪን ኩሽን እተብሃሉ ደቂ ካም ድማ ኣይተረግሙን። ሎሚ ምስሪ ማለት ግብጺ እዩም፣ ኩሽ ድማ ኑብያን ሓበሻን እዮም። እንደገና ደኣ ኣንብቦ፣ ዘርኢ ኻም ኩሉ ከምዘይተረግመ ክትረኽቦ ኢኻ።

"በዙይ እተተሓሓዘ ሓደ ግሩም ዝኾነ ዛንታ ግዳን ኣዘኻኺርካኒ'ሞ ኸነግረካ፦

ይቕጽል...

## ወግዕን ጸወታን
## ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፲

ዝቐጸለ…

“…በዙይ እተተሓሓዘ ሓደ ግሩም ዝኾነ ዛንታ ግዳን ኣዘኻኺርካኒ’ሞ ኽነግረካ፦

“ብዘበን ጣልያን ሓደ ጻዕዳ ኣብ ኤርትራ ገዛኢ* ነበረ’ሞ ንዓበይቲ ዓዲ ጸዊዑ ግብሪ ኣብልዮም። ብድሕሪ ድራር ድማ፣ ‘ሕንቅ-ሕንቅሊቶይ ፍለጡለይ’ በሎም።”

“ዋእ፣ ኣቦይ ቀሺ! ’ቱ ጣልያን ደኣ ኸመይ ኢሉ እዩ ሕንቅ-ሕንቅሊቶይ ፈሊጡ?”

“ገና ኣብ ዓዱ ኸሎ ብዛዕባ ሃገርና ታሪኽን ባህልን ኣጽርዩ እተምሃረ ሰብ እኮ እዩ ነይሩ። ግዕዝ ቅኔ ኺይተረፈ ዝፈልጥ ምሁር፣ ሊቅ ሰብ እዩ ነይሩ ይብሃል።”

“ግዕዝ ቅኔ እተምሃረ ጣልያን! ከም እዙይ ዝበለስ ኣነ ሰሚዐ ኣይፈልጥን።”

“እወ፣ ምሁር እዩ ነይሩ እሞ እቶም ዓበይቲ ኤርትራ ድማ ‘ሰሰናቢ.ተይ’ ኢሎም ምስ መለሱሉ፤ ‘እስኪ በሉ ኣብ ገነት እተኣሰረት ኣድጊ ፍለጡለይ?’ በሎም ይበሃል።”

“ወይ ጉድ! ድሓርከ?”

“በል ንኽንማኸር ፍቐደልና ኢሎም ኪማኸሩ ኸበቡ እሞ፣ ‘ወይ ጉድ! ሎምስ ገነት እተኣሰረት ኣድጊዶ በለና! ገነት ዚብላ ንሃገርና እዩ፤ ግን ሕንቅ-ሕንቅሊቶይ ንኽንፈትሕዶ ባዕልትና ኣእዱግ ኢና ኽንብሎ ኾንና? ነውሪ! ሕንቅ-ሕንቅሊቶይካ ምፍትሑ ኣይከኣልናን፣ ኣብዩና ድኣ ንበሎ እሞ፣ ዝበለ ይበል!’ ኢሎም ተማኸሩ።”

“ዝገርም እዩ! ብድሕሪኡኸ?”

“ብድሕሪኡስ፣ ‘ንሕናስ ንሕንቅ-ሕንቅሊቶይካ ክንፈትሖ ኣይከኣልናን’ ደኣ በልዎ።

“ድሓርከ?”

“ንሱ ድማ ከምቲ ንቡር ልማድ ዘሎ፣ ‘ኣድርሩኒ እሞ ኽነግረኩም…’ በሎም፣ ‘ተደረር’ በልዎ፣ ‘ብጻዕዳዶ፣ ብጸሊም ጣፍ?’ በለ፣ ‘ብጻዕዳ ጣፍ’ ምስ በልዎ፤ ‘በሉ እምበኣር፣ ጻዕዳ ጣፍ ዝበለ ጻዕዳ ጣፍ ይሃቦ፣ ጸሊም ጣፍ ዝበለ ጸሊም ጣፍ ይሃቦ፣ ኸም መርፍእ የቕጥኖ፣ ኸም ማዕጺድ የጉብጦ…’ ኢሉ ከምቲ ኹሉ ንቡር ዘሎ ኢሉ በለ’ሞ፤ ‘ገነት ማለት ሃገርኩም፣ ካብቲ ጥዑም ኣየራ ጀሚርካ ክሳዕ ሓመዳ ንኹሉ ኣዝርእቲ ግሩም ዝኾነት ገንት እያ። ዓድና ድኣ ብኽንደይ ቁሪ፣ ዛሕልን፣ በረድን ኣዝርእቲ ንምብቋል ክንደይ ሽግር ኣሎና። ኣብ ገነት እተኣሰረት ኣድጊ ማለት ድማ ንስኻትኩም ኢኹም። ነዛ ገነት እትመስል ሃገር ሒዝኩምስ ካባና ንላዕሊ በሊጽኩም ክትስልጥኑ ምተገብኣኩም ኔሩ፣ ግን ድሕሬና ተሪፍኩም፣ ሎሚ ንዓና ትግዝኡ ኣለኹም!’ በሎም ይበሃል።

“ካብቶም ሽማግለታት ዓዲ ድማ ሓደ ዓብዪ ሰብ ተንሲኦም፤ ‘ንሕና ስገምን ስርናይን ዘሪእናን፣ ኣብቍልናን፣ ጉዕሽን ጽራይን ስዋ ኽንሰቲ ኸለና፣ ጡጥ ፈቲልና፣ ብማእለማ ኣሊምና ነጸላን ጋብን፣ በብዓይነቱ ጥልፈታት፣ ቅጭንን ኩታን ኣንስትና

ተኸዲነን ኸጋይጻ ኸለዋ፣ ኸተማታት ሃኒፅና፣ ሐወልቲታት ተኺልናን ማዕቢልናን ክንነብር ከለናዶ ክሳዕ ትማሊ፣ ትማሊ ጽዑዱ ኤውሮጳ ጥራይ ዝባንኩም፣ ቆርበት ተዓጢቕኩምዶ፣ ደድሕሪ ዓጋዜንን ጤለ-በዱን ሃደን ትጐይዩ ኣይነበርኩምን? ካሊእስ ይትረፍ ለመም ዚብሉ፣ ገለ-መለ ሓሳኹ ባሕሪዶ ኣይኮነን እናዘቖቕኩም እትበልዑ? ታሪኽ ሃገርና ካባይ ኣብሊጽካ ሰለ እትፈልጦ፣ ኣነዶ ንዓኻ ኸነግረካ ኾይኔ? መዓስ ጠፊኡካ? ግን ብኽርስትና ሃይማኖትና፣ ተቐበልቲ ጋሻ ብምዃንና፣ ካብ ግብጺ፣ ካብ ቱርኩ፣ ክፉኣት ጸላእቲ በዚሓምና፣ በብዘበኑ እናመጹ እናወረሩ፣ ክንዋጋእ፣ ንሃገርና ኽንካላኸል ድኣ ድሕሪት ተሪፍና እምበር ኣእዱግ ስለ ዝኾንና መዓስ ኮይኑ?’ ኢሎም መለሱሉ ይበሃል።”

“ዜደንቕ መልሲ እዩ። ጽቡቕ እባ ድኣ ገበሩዎ!”

“እዙይ ምስ በልዎ ተንሲኡ ‘ነጸላ ሃቡኒ’ በለ’ሞ፣ ብነጸላ ዝባኑ ኣደግዲጉ ዓጢቑ፤ ‘ወይ ግሩም! ለካ ኣነስ ላዕለ-ላዕሉ ጥራይ ርእየ ደኣ እየ እምበር እዙ ኹሉ ሽግር ጸላእቲ ከም ዝነበረኩም ብዘይ ምፍላጠይ፣ ‘ኣድጊ’ ኢለውን ስለ ዝደፈርኩ ይቕሬ በሉለይ!’ ኢሉ እናዞረ፣ ተምበርኺኹ ካብ ኩሎም እቶም ኣጋይሹ ይቕሬታ ለመነ ይብሃል።”

ይቕጽል…

* ኣብ ላዕሊ “ገዛኢ ኤርትራ ዝነበረ ጣልያን…” ብዚብል እተጠቐሰ ሰብ ብምርምር ከም ዝረኸብክዎ ምናልባት ኤንሪኮ ሴሩሊ (Enrico Cerulli) ዝብሃል፣ ገዛኢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ብምሉኡ ‘ግዝኣት ጣልያን ምብራቕ ኣፍሪካ’ ተብሂሉ ንዚጽዋዕ ዝነበረ ሃገራት (ንኢትዮጵያን ንደቡብ ሶማልያን ሓዊሱ) ዜመሓድር ዝነበረ ሰብ ከይኮነ ኣይተርፍን። ኤንሪኮ ሴሩሊ ትግርኛ፣ ግዕዝ፣ ኣምሓርኛ፣ ጥራይ ዘይኮነስ ቛንቋ ኦሮምኛውን ከይተረፈ ዚፈልጥ፣ ብዙሕ ጽሑፋትን ዛንታትን ተርጕሙ ዝሓለፈ፣ ዓብዪ ሊቕ ሰብ እዩ ነይሩ።

# ወግዕን ጸወታን

# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፯

**ዝቐጸለ...**

“ኣቦይ ቀሺ፣ ብዛዕባ ባህልን ልማድን ኢልኩም፣ ስለ እቲ ኣብ ኤርትራ ግዛኢ ዝነበረ ጣልያን ንዓበይቲ ዓዲ ጸዊዑ፣ ግብሪ ኣብሊዑ ዝገበሮን ዝተዛረቦን ዝነገርኩምኒ፣ እቲ ዝጠየቐም ሕንቅ-ሕንቅሊቶይ፣ ነጸላ ሃቡኑ ኢሉ ዓጢቑ፣ ኣደግዲጉ፣ ኣብ እግሮም ተምበርኪኹ፤ ‘ይቕረታ ግበሩለይ’ ዝበሎም ኩሉ ፈጺምካ ዘይርሳዕ ነገር እዩ።

“ብዛዕባ ባህልን ልማድን ናይ ኤርትራ ካብ ኣልዓልናስ፣ ብቕድሚኡውን ብዛዕባ ብዓልቲ ቤትኩም ምሕማም ኣልዒልኩም ክትዛረቡ ኸለኹም መውስቦ ‘ሕጊ እንዳባ’ ጽኑዕ ምኽኑ ጠቒስኩም ኔርኩም። እስኪ ብዛዕባ ‘ሕጊ እንዳባ’ ከመይ ምኽኑ ንገሩኒ?”

“እወ፣ ኣብ ኤርትራ ‘ሕጊ እንዳባ’ እንብሎ ስርዓት ኣሎና፣ ማሕላ መውስቦ ድማ ጽኑዕ ምኽኑውን ኣልዒለልካ ነይረ። ሰብኣይን ሰበይትን ሓዳር ኽይፋትሑ ተብሂሉ ብዋሕስ ዚመሓሓሉሉ ስርዓት፤ ‘ሕጊ እንዳባ’ እንብሎ ኣሎ። ፍትሕ ግድን እንተ መጸ ድማ ዚፈላለዩሉ ስርዓትውን ኣሎ። ንሓዋሩ ወለዲ እንተ ሞቱ ድማ ውሉድ ርስቲ ወለዶም ብግቡእ ዚካፈሉሉ ስርዓት እውን ኣሎ። ብኣጠቓላሊ ‘ሕጊ ኣንዳባ’ ተብሂሉ ይጽዋዕ።”

“እሞ ብዛዕብኡ እስኪ ቑሩብ እንታይ ምኽኑን፣ መዓስ ከም እተጀመረን፣ ኻበይከ ዝመጸ ምኽኑን ቁሩብ ንገሩኒ?”

“እንታይ እሞ እየ ኽነግረካ? ሓደ ወዲ ተባዕታይ ምስ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ሓዳር ኪጅምሩ ኸለው ናይ ክልቲኦም መሰል ምእንቲ ኺሕሎ፣ ዚግብኦም ማዕረነት እውን ንኺረኽቡ፣ ፍትሕ እንተ መጸ ድማ በብጽሒቶም ብስርዓት ንኺካፈሉ ዝተወረሰ ባህልን ስርዓትን ‘ሕጊ እንዳባ’ እንብሎ ኣሎ፣ ብሽማግሌታት ዓዲ ድማ እዩ ዚውዳእ።”

“እስኪ ወለዲ እንተ ሞቱኸ ብዛዕባ ውርሲ ‘ሕጊ እንዳባ’ ከመይ እዩ ዚግበር?”

“ብዛዕባ ውርሲ ወለዲ እንተ ሞቱ መሬት ንኹሎም ደቆም ማዕረ-ማዕረ ምእንቲ ኺካፈሉ እተሰርዔ እዩ። ኣብ ሓድ-ሓደ ባህሊ ወይ ሃይማኖት፣ ንኣብነት ናይ ኣስላም እንተ ረኣና፣ ንጓል ኣንስተይቲ ብዘይ ብጽሒት፣ ጥራይ ኢዳ ዚሰድዋ ኣለው። ብሕጊ እንዳባ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ግቡእ ብጽሒታ እያ እትረክብ፣ ኣብ ጊዜ ፍትሕ እውን ካብ ንብረት ቤታን፣ ካብ ርስቲ መሬታን ዚግብኣ ሒዛ እያ እምበር ጥራይ ኢዳ ኣይትኸይድን። እዙይ ዝተገብረሉ ምኽንያት ደቃ ንምዕባይ ንኸይትሽገር፣ መሬትን ንብረትን ምእንቲ ኺህልዋ ተብሂሉ እተሰርዐ እዩ።”

“እሞ ‘ሕጊ እንዳባ’ ተብሂሉ ብጽሑፍ እተታሕዘዶ ኣሎ፣ ወይስ ብኣፍ ልማድ ጥራይ እዩ ‘ሕጊ እንዳባ’ ዚብሃል?”

“ኣብ በቦትኡ ተጽሒፉ እተታሕዘ ኣይስኣንን፣ ግን ብሽማግለታትን ብዓበይቲ ዓድን ብልማድ ፍሉጥ ኮይኑ ብሰፊሑ ዚዝውተር ነገር እዩ። ካብ ቦታ-ቦታውን ሓል-ሓሊፉ ቖ-ቁሩብ ስለ ዚፋላለ፣ ናይ ጽንዓ-ደግለ፣ ናይ ለጎ-ጭዋ ዚብሃል ኣሎ፣ ናይ ኣኮለ-ጉዛይ ኣሎ፣ ናይ ሓማሴን ካርነሽም፣ ደቂ-ተሽም ዚብሃል፣ ናይ ሃዘጋን ጽዓዘጋን ዚብሃል ኣብ ኩሉ ኣሎ፣ ኹሉ ኸከም ቦቱኡ ይፋላሌ እዩ። ግን እቲ ፍልልዩ ቑሩብ እዩ።”

“ብምንታይን፣ ብኸመይን ደኣ እዩ እቲ ዚፋላለየሉ ነገር?”

“ብዙሕ ፍልልይስ የብሉን፣ ንኣብነት ብውሕስነት እንተ ረአና፣ ዋሕስ ኣብ ምትካልን ዋሕስ ኣብ ምዕጋትን ኩሎም ቖ-ቁሩብ ይፋላለዩ እዮም። ሐዲኦም ሓደ ዋሕስ ይእኽል ኪብል፣ እቲ ሓደ ግን ክልተ ዋሕስ ኣድላዪ እዩ ይብል፣ እቲ ሓደ ድማ ካብ ሠለስተ ዋሕስ ንታሕቲ ቕቡል ኣይኮነን ዚብል በብዓይነቱ ቖ-ቁሩብ ፍልላይ ኣለዎም።

“ኣብ ውርሲ እውን ከምኡ ሓድ-ሓዲኡ ንኹሎም ቖልዑ መርፍእን ፈትልን ከይተረፈ ጸብጺቡ ማዕረ ይካፈሉ ዚብል ኣሎ፣ እቲ ኻሊእ ድማ ንበኹሪ ዚብጽሖ ቁሩብ ሓለፋን ተረፋን ጌሩ ዜዳሉ ይመስል። ግን ፍልልዮም ብዙሕ ኣይኮነን። ኣብ ውርሲ ብጽሒት ንበኹሪ ቁሩብ ሓለፋ ዚውሃቦ፣ እቲ በኹሪ ውሉድ ወለዱ እንቲሞቱ ካብቶም ካልኦት ኣሕዋቱን ኣሓቱን ብዕድመ ዕብይ ስለ ዚብል፣ ከም ወላዲ ኾይኑ ነቶም ኣናእሽተ ቖልዑ ምእንተ ኼዕቢ፣ ንምሕጋዝ ብዚብል ድኣ እዩ እምበር ንኻሊእ ኣይኮነን።”

“ንምንታይከ ደኣ እዩ ‘ሕጊ እንዳባ’ ተብሂሉ፣ ካበይከ ዝመጸ እዩ?”

“ሰብ ሎሚ ብልማድ ኣፍ ጥራይ፣ ‘ሕጊ እንዳባ’ ደኣ ይብል እምበር ‘ኣባ መን ኢልካስ ኣባ መን ትደግም?’ ‘እዚ ስርዓትን ሕጊጋትን ካበይ መጸ፣ መንከ እዩ ዝሰርዖ?’ ኢልካ እንተ ጠየቕካዮ ሓንቲ እኳ ዚፈልጦ የብሉን፣ ምንም ኪመልሰካ እውን ኣይኽልን።”

“ኣቦይ ቐሺ፣ ሓቅኹም እወ፣ ዜሕዝን እዩ። እምበኣርከ ታሪኽ ጠፊኡ ኸይተርፍ እስኪ ናይ ‘ሕጊ እንዳባ’ መሰረትን ታሪኽ ኣማጻጽእኡን ከመይ ምዃኑ ግለጹለይ።”

“ኣቐዲምና ‘ሕጊ እንዳባ’ ኽንብል ከሎና ‘ሕጊ’ ምዃኑ ምፍላጥ የድሊ፣ እዙይ ማለት ድማ፣ ሎሚ ከም ባህልን ልማድን ኮይኑ ኣብ ኩሉ ቕቡል ክኾነሉ ዝኸኣለ ምኽንያት ኣቐዲሙ ‘ሕጊ’ ኾይኑ ብኣዋጅ መንግሥቲ ስለ ዝተሰርዐን፣ ዝተሓገገን እዩ…”

**ይቕጽል**…

# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፲፰

**ዝቐጸለ**…

“ኣቐዲምና ‘ሕጊ እንዳባ’ ኽንብል ከሎና ‘ሕጊ’ ምንባሩ ምፍላጥ የድሊ፣ እዙይ ማለት ድማ፣ ከም ባህልን ልማድን ኮይኑ ናይ መውስቦን ውርስን ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ሞትን ሕይወትን ድማ ዚምልከት እዩ ዝነበረ። ንኣብነት ብፍላጥ ኮነ ብድንገት ነፍሲ ዘሕለፈ ብሕጊ ንኺቕጻዕ፣ ወይ ንቤተ-ሰብ ንምትዕራቕ፣ ናይ ጋር ነብሲ ብምኽፋል ከይተረፈ ዚሰርዕ ነበረ። ሎሚ ኣብ ኩሉ ፍሉጥ ክኾነሉ ዝኸኣለ ምኽንያት ድማ ፈለማ ‘ሕጋዊ’ ኾይኑ ብኣዋጅ ስለ ዝተሰርዐን፣ ዝተሓገገን እዩ። ታሪኽ ኣማጻጽእኡ ንምፍላጥ ድማ ኣብ ኤርትራ ሕጊ ዝሓገጉ ገዛእቲ እንመን ነበሩ ምባል የድሊ። ‘ሕጊ እንዳባ’ ደ’ኣሞ ብጣልያንዶ ብእንግሊዝ ዝተሓገገ መሲሉካ፣ ቀደም ብቐድሚኦም እተሓገገ እኮ እዩ!”

“ሕጊ እንዳባ ብቐድሚ እንግሊዝን ጣልያንን ጥንታዊ ንምኳኑስ ኣየጠራጥርን፣ ግን ነዚ ሕጊታት መን ሓገጎ፣ መጀመርታኡኸ ኻበይ መጸ ኢልና ንምፍላጥዶ ይከኣል?”

“ወደይ፣ ካህናት ቃል-ኪዳን ኪኣስሩ ኸለው ጽን ኢልካ እንተ ሰሚዕኻዮም፤ ‘ሕግን ከም ወልደ-ሥላሴ፣ ስርዓትን ከም ኣምሃ’ ኢሎም እዮም ቃል-ኪዳን መውስቦ ዚኣስሩ። ‘ሕጊ እንዳባ’ ድማ ብዘበን እዞም ክልተ መራሕት ትሐጊጉ ብዘበን ደጊያት ስባጋድስ ኩሉ ስለ ዝተሰርዐን፣ ዝጸንዐን እዩ ባህልን ልማድን ንምኳን ዝኸኣለ።”

“ኣቦይ ቀሺ፣ ብዛዕባ ደጊያት ስባጋድስ ሹም ዓጋሜ ሰሚዐ ኣለኹ፣ ወልደ-ሥላሴን፣ ኣምሃን ኪበሃል ግን ኣይሰማዕኹን፣ እንታዎት እዮም፣ እስኪ ብዛዕብኣቶም ንገሩኒ?”

“በል ካህናት ቃል-ኪዳን ኪኣስሩ ኸለው ጽን ኢልካ ስምዓዮም፤ ወልደ-ሥላሴ ማለት፣ ራእሲ ወልደ-ሥላሴ፣ ኣምሃ፣ ወዱም ደጊያት ኣምሃ እዮም። ኣቦን ወድን ነበሩ እሞ፣ ራእሲ ወልደ-ሥላሴ ንኤርትራ፣ ንመረብ ምላሽ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ብዘሎ ኣሎውሃ ምላሽ፣ ንብምሉኡ ትግራይ-ትግሪኚ ዝተሸሙ ገዛኢ ነበሩ። ብዘበን ክልቲኦም ሰባት ዝተሓገገን ዝተሰርዐን ስርዓታትን እዩ ድማ ‘ሕጊ እንዳባ’ ዚብሃል።”

“ነዙይ እንታይ መረድኢ ይርከብ?”

“ነዙይ ዘረጋግጽ መረዳእታ ስርዓት ሕዝቢ ትግራይ ኣብ ጊዜ መርዓ ኾነ ኣብ ውርሲ እንተ ረኤና ከም ናይ ኤርትራ እምበር ብዙሕ ፍልልይ የብሉን። ኣብ መውስቦ፣ ኣብ ውርሲ መሬት፣ ኩሉ ውሉድ ማዕረ-ማዕረ እዩ ዚካፈል። ፍትሕ እንተመጸውን ሰበይቲ ካብ ንብረት ቤታ ብጽሒታ ሒዛ ድኣ እምበር ጥራይ ኢዳ ኣይትኸይድን። ወለዲ እንትሞቱ እውን ካብ ርስቲ ግራታ፣ ምስ ኣሕዋታ ማዕረ-ማዕረ እያ እትካፈል።

“ካልእ ድማ ኣብ ትግራይ ዋሕስ ንምቑጻር፣ ‘ኣይተ ኽስቶ ንኽስቶ ትወሓሶዶ?’ ኢሉ ኺጥየቕ ከሎ፣ ‘እወሓስ’ ይብል፣ ‘መን ይሙት?’ ‘ንጉሥ ይሙቱ!’ ኢሉ ይምሕል፣ ኣብ ኤርትራ ድማ ዳርጋ-ዳርግኡ እዩ፣ ቁሩብ ፍልልዩ ንሕና፣ ‘መንግሥቲ ይሙት!’ ኢና እንብል። ኣብ ዓዲ ኣምሓራ ግን ስም ንጉሥ ጸዊዖም፣ ‘ኃይለሥላሴ ይሙት’ እዮም ዚብሉ። ኣብ ኤርትራን ኣብ ትግራይን ግን ስም ንጉሥ ኣይጽዋዕን። ከምኡ ብተማሳሳልነቱ ዚሕብር ብዙሕ መረድኢታት ኣሎ።”

“እቲ ‘ንጉሥ ይሙት’ ወይ፣ ‘መንግሥቲ ይሙት’ ዚብል ፍልልዩኽ ንምንታይ እዩ?”

“መቸም ፍልልዩ ናይ ልማድ ነገር እዩ ዚመስል፣ ግን ንሓድ-ሓደ ለባማት ተጋሩ እንተ ጠየቕካ፤ ንምንታይ ኢኹም ትግራይ ‘ንጉሥ ይሙቱ’ ኢልኩም እትምሕሉ፣ ኣብ ኤርትራ ‘መንግሥቲ ይሙት’ ኢና እንብል እንተ በልካ፣ ‘ንጉሥ እንተ ሞተ ብንጉሥ ይትካእ፣ መንግሥቲ እንተ ሞተ ግን ሃገር ትዓኑ፣ ሕዝቢ ይጠፍእ፣ ስለዚ ንጉሥ ደኣ ይሙት እምበር መንግሥቲስ ኣይሙተና…’ ኢሎም ይመልሱ።”

“ንምታይከ ደኣ እዩ፤ ‘ሕግን ከም ወልደ-ሥላሴ ስርዓትን ከም ኣምሃ’ ተብሂሉ ናይ እቲ ሓደን ሕጊ፣ ናይ እቲ ኻልኣይን ድማ ስርዓት ኮይኑ ተፋላልዩ ዚጽዋዕ?”

“ራእሲ ወልደ-ሥላሴ ገዛኢ ትግራይ ትግሪኚ፣ ገዛኢ ናይ ብዘሎ ኣሎውሃ ምላሽ ስለ ዝነበሩ ሕጊ ንምሕጋግን ኣዋጅ ንምእዋጅን ኩሉ በቒዖም እዮም። ድጊያት ኣምሃ ግን ስርዓት ቤተሰብ ንምስራዕ ደኣ እምበር ሕጊ ሓጊጎም፣ ኣዋጅ ኣይኣውጁን። እቲ ሕጊ ዚብሃል ናይ ሞትን ናይ ሕይወትን ዝኾነ ኹሉ እዩ። እቲ ስርዓት ዚብሃል ድማ ናይ ቤተሰብ ቃል ኪዳን፣ ናይ ፍትሕ፣ ናይ ውርሲ ዘመሰለ ናይ ቤተሰብ ጉዳያት ዘበለ ኹሉ ዝሰርዕዎ ስርዓታት እዩ።”

“ኣቦይ ቀሺ፣ እሞ እዙ ነገር እዙይከ ታሪኹ ብዙሓት ኤርትራውያን ይፈልጡዎዶ?”

ይቕጽል…

## ወግዕን ጸወታን
## ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፱

**ካብ ዝሓለፈ ዝቐጸለ…**
“ኣቦይ ቀሺ፣ እሞ እዙ ነገር እዙይከ ታሪኹ ብዙሓት ኤርትራውያን ይፈልጡዎዶ?”

“ብዙሓት ሽማግለታት ናይ ቀደም አጽርዮም ይፈልጥዎ ነይሮም። መንእሰያት ሎሚ ግን ዚፈልጥዎ ኣይመስለንን፣ ሓድ-ሓደ ዚፈልጡ እንተ ሃሊኦም ድማ ካብ ትግራይ ባህልን፣ ልማድን፣ ሕግን፣ ስርዓትን ከም እተቐበሉ ንምእማን አይደልዩን ይኾኑ። ይትረፍንያ ልማድ መውስቦን መሬት ውርስን፣ ወደይ፣ እቲ ቛንቋውን እነተ ኾነ እኮ ኤርትራኛ ዚብሃል ቋንቋ የለን፣ ፈቶኻ-ጸላእኻ ሓንቲ ቛንቋ ትግርኛ እያ ዘላ። ስለዚ ቛንቋና እውን ቛንቋ ትግራይዶ ኣይኮነን፣ ካበይ ዝመጸ ድዩ መሲሉካ!”

“እቲ ጽሩይ ትግርኛ ዚብሃልከ አበይ እዩ ዚዝረብ? ብናይ ተጋሩ ቛንቋ ዜላግጹ ሰባት አለው፣ ናይ ኤርትራ ትግርኛ ድዩ ጽሩይ ወይስ ናይ ትግራይ?”

“ኢያሱ ወደይ፣ አይትጋጌ! አቐዲምካ ናይ ኤርትራ ኾነ ናይ ትግራይ ጽሩይ-ረሳሕ ዚበሃል ትግርኛ የሎን፣ ከከም ቦታኡ ቁሩብ ዝተፋላለየ አዘራርባ አሎ። ንሐንቲ ቓል እንተ ረኤና ሓድሓደ ሰብ ‘ሕጂ’ ይብል፣ ካሊእ ‘ህዚ’ ይብል፣ ‘ሕዪ’ ዚብሉ ሰባትውን አለዉ፣ ‘ሕዚ’ ዚብሉውን አለዉ፣ ኩሉ ሽከም ቦታኡ ይፋላሌ። ንአብነት ካብ ዓረብኛ ወይ ካብ ጣልያንኛ ዝመጸ ቓላት አብ ምሕዋስ እንተ ኾነ፣ ርግጽ፣ ትግርኛ እናሃለወስ ንምንታይ ካብ ካሊእ ለቒሓ ቓላት አድለየ ኪበሃል ይከአል። እንተ ዘየሎ ግን ንሓደን ጽሩይ፣ ነቲ ኻሊእን ረሳሕ ቛንቋ እዩ ዚበሃል የሎን። ቛንቋ ማለት ሕይወት ዘለዎ፣ በብጊዜኡ ዚለዋወጥን ዚሕደስን ነገር ምዃኑ ምፍላጥ የድሊ። ዝኾነ ኾይኑ ትግርኛ ክንብል ከሎና ብመሰረቱ ቛንቋ ትግራይ ከም ዝኾነ ምርሳዕ አይግባእን።”

“ሓቅኹም ኣቦይ ቀሺ፣ ቛንቋ ጥራይ ዘይኮነስ፣ እቲ ሕዝብውን መበቆሉ ኻበይ ድዩ!”

“እወ፣ አይ ሓደ ሕዝቢ እንድዩ። ኩሉ ሰብ ኽልተ፣ ወይ ሠለስተ ወለዶ ሽይቆጸረ እዩ ትግራይ ዚውለድ! ኤርትራ ድማ ቱርኩን ጣልያንን ትማሊ-ትማሊ፤ ብድሕሪኦምውን እንግሊዝ ብፖለቲካ ነንሕድ-ሕዱ ኣጻሊኦም ክሳዕ ዝፈላለይዎ ዘበን፣ ኣይ ሓደ ኣካል ትግራይ እንድዩ ነይሩ። …”

እቲ ‘ኤርትራ’ ዚብል ስምከ ደአ ኻበይ መጸ?”

“ወደይ ብቐድሜና ዝጸንሐ ስም ባሕርን ከበሳን ኢልካ ዚፍለጥ፣ ቦጐስ እተብሃለ ሃገር ደአ እምበር ኤርትራ ዚብሃልስ ደሓር ዝመጸ እዩ። እቲ ባሕሪውን እንተ ኾነ፣ ቀይሕ ባሕሪ ተብሂሉ እዩ ዚጸዋዕ ዝነበረ። ነቲ ባሕሪ ቀይሕ ሕብሪ ዚህብዎ ደቀቕቲ ሓሳኹ አለው፣ ብቛንቋ ግሪኽ ድማ ‘ኤርትሮስ’ ይበሃሉ ብምባል፣ ኤርትራ ኢሎም፣ ጣልያን ዘውጽእዎ ስም እዩ። እቲ ሃገር ድማ ካብ ጥንቲ ምስ ትግራይ ተጠቒሊሉ፤ ‘ትግራይ-ትግርኚ’ ይብሃል ከም ዝነበረ ደኣ እምበር ፍሉይ ክፍሊ ኾነ፣ ፍሉይ “ኤርትራ” ዚብል ስም ከም ዘይነበሮ፣ ኣሉ ኢልና ዘይንሽሕዶ፣ ሓቀኛ ታሪኽ እኮ እዩ።”

“ከምዙይ ካብ ኮነ ደአ ንምንታይ እዮም ሓድ-ሓደ ኤርትራውያን ንተጋሩ ‘ዓጋሜ’ እናበሉ ዚጻረፉ፣ ንወላዲኻ ከም ምጽራፍ ማለትዶ አይኸውንን?”

“ወደይ፣ እዙይ ድንቁርናን ዕሽነት እዩ እምበር ካሊእ ኸይመስለካ። ዓጋሜ ስም ሃገር እዩ። ንሰብዶ ብስም ሃገሩ ትጸርፎ ኢኻ? ኣብዙይ ኣብ ኣዲስ ኣበባስ ኣለውንዶ ሓድሓደ ዓያሹ መዓስ ተስኢኖም፤ ‘ኤርትራ’ ኢሎም ዚጸረፉ፣ ‘ትግሬ’ ኢሎም ዚጸረፉ፣ ‘ጉራጌ’ ኢሎም ዚጸረፉ ኣለው እኮ። ግን ጸርፊ ኣይኮነን፣ ጸርፊ ዓሻ እዩ። ትግራይ ድማ ይትረፍዶ ንንደጃት ስባጋድስን፣ ንንራእሲ ወልደ ሥላሴን፣ ክንደይ ነገሥታት ኣኽሱም ዝወለደ ሃገር ጆጋኑ ደአ እዩ እምበር፣ ዚጽረፍ ኮነ ዚሕመ የብሉን።

“ሰብ ሎሚ ግን ካበይ ከም ዝመጸ ኣይፈልጥ፣ ጥንታዊ ታሪኹ ኣይምርምር፣ ባህሊ ወለዱ ኣይሕዝ፣ ከንቱ ዝኾነ ዘበን መጺኡና፣ ጊዜ ዓያሹ እዩ ዘሎናዮ፤ ‘ዚገብርዎ ኣይፈልጥዎን እዮም’ እናበልካ ምሕላፍ፣ ይቕረ ምባል ጥራይ እዩ ዘድሊ።”

“እሞ ንሓዋሩኸ እንታይ ይመስለኩም? ታሪኽካ ዘይምፉላጥ እንታይ ሳዕቤን የምጽእ?”

**ይቕጽል**…

## ወግዕን ጸወታን
## ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፩

**ዝቐጸለ...**
"እሞ ንሓዋሩኸ እንታይ ይመስለኩም? ታሪኽካ ዘይምፉላጥ እንታይ ሳዕቤን የምጽእ?"

"ወደይ፣ ንሰብ ካብ እንስሳ ዚፈልዮ 'ታሪኽ ኣሎኒ' ኢሉ መሰረቱ ኣጽኒዑ፣ ትውልዱ፣ ሓቀኛ ታሪኹ፣ ዛንታኡ ምፍላጡ፣ ርእሱ ኣቕኒዑ ምኻዱ እዩ እምበር፣ ካሊእ ደኣኸ እንታይ መሲሉካ? ታሪኹ ዘይፈልጥ ሰብ መንነቱ እውን ኣይፈልጥን። ትውልዱን መንነቱን ዘይፈልጥ ወለዶ ድማ ንጥፍኣትን ንውርደትን እተዳለወ፣ ከም በጊዕ ናብ ዝጐተትዎ እናተጎተተ ከም ማል፣ ከም ከፍቲ፣ ናብ ማሕረዲ ዚኸብኮብ እንሰሳ እዩ።

"እታ ሓቂ ዘይብላ ብሓሶት እተፋሕሰት ታሪኽ ውዒላ ሓዲራ ትቃላዕ እሞ ውርደት ደኣ ተምጽእ እምበር፣ ኣይተዋጽእን። ሕዝቢ እስራኤል እንሆ ንርእዮምዶ ኣየሎናን! ኣይ ሳላ ታሪኾም ሓልዮም ዝነበሩ እንድዩ ግዲ ሎሚ ብድሕሪ ኽንደይ ዘበናት ዓድና ኢሎም፣ ንሃገሮም ተመሊሶም፣ መንግሥቲ ኣቝሞም፣ ብርቱዓት ሕዝቢ ኾይኖም ዘለው! ታሪኽ ኣሎና ኢሎም ኣጽኒዖም ዝሓዝዎ እምነት እንተ ዘይህልዎም ነይሩስ ኣብዙይ ምበጽሑዶ ይመስለካ? ፈጺሞም ኣይምበጽሑን።

"ካብተን ንሰብን ንእንስሳን ዚፈላልዮኦም ነገራት ኣውራ ድማ ታሪኽ እያ። ከፍቲዶ ታሪኽን ይፈልጣ? ኣቦይ፣ ኣደይ ኪብላ፣ ደቂ ሓወቦይ፣ ደቂ ኣኮይ፣ ደቂ ሓትኖይ እናበላ ኺዛመዳ ርኢና ኣይንፈልጥን። ሓው፣ ሓብቲ ብዘይብሉ፣ እቲ ሓደ ምስ እታ ሓንቲ ስቕ ኢሎም ኪሳረሩን፣ ኪፋረዩን ኢና እንርእዮም እምበር ነውሪ ኣይፈልጡን።

"እቲ ታሪኹ ዘይፈልጥ ድማ ዳርጋ እንስሳ እዩ፣ ነውሪ ኾነ ዘጥዕመሉን ዘኽፍኣሉን ኣይፈልጥን፣ ከመይ እንተ በልካ መንነት የብሉን። ካበይ ከም ዝመጸ ስለ ዘይፈልጥ፣ ናበይ ከም ዚኸይድውን ኣይፈልጥን። 'ናበይ ትኸይድ ኣሎኻ?' እንተ በልካዮ እውን ዚረብሕ መልሲ ኣይህበካን። ዕላማ የብሉን። ብግምት፣ ብሃሰሰስ፣ ብፈንጠርጠር እዩ ናብርኡ። ምስ እቲ ታሪኹ ዚፈልጥ፣ ድምብርጽ ዘይብል ሕዝቢ ድማ ደፊሩ፣ ርእሱ ኣቕኒዑ፣ ልቡ መሊኡ ኪቐውም ኣይኽእልን። እታ ኹርዓቱ ብላዕለ-ላዕሊ፣ ከም ነጻላ መሸፈኒት ጥራይ እያ እምበር ኣብታ ውሽጢ ልቡስ ድንንጽን ፈራሕን እዩ። ስለዚ ከም ትኪ በኒኑ፣ ከም ሓመድ ዶሮና ተበቲኑ፣ መጻወቲ ኻልኦት ኮይኑ፣ ብባርነትን ብድኽነትን እዩ ኽንቱ ጠፊኡ ዚተርፍ። እወ! ወደየ፣ ታሪኹን መንነቱን ዘይፈልጥ ሰብ ኣዝዩ ዜሕዝን እዩ። ኻብኡ የድሕነና!"

"ኣቦይ ቀሺ፣ ካብ ኢትዮጵያ ንኺፍለዩ ዚጽዕሩ ኤርትራውያን ኣለው። ብዛዕባ ኣቦይ ወልደኣብ ወ/ማርያም እውን ንሰምዕ፣ እሞ ብዛዕባኣቶምከ እንታይ ትብሉ?"

"ወደይ ናይ ፖለቲካ ነገር ምዝራብ ኣሸጋሪ እዩ፣ እንካብ ምዝራቡስ ዘይምዝራቡውን ኣዝዩ ይሓይሽ። ብዝኾነ ኾይኑ፣ እንግሊዝ ምስ ወጹ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓድነት ዝሓበራሉ እኮ ነዊሕ ኣይኮነን፣ ትማሊ፣ ትማሊ እንድዩ። ብቕድሚኡ በበይንተንዶ ኣይነበራን? ንፈሌ ዚብሃል ብመሰረቱ ዜሕዝን ኩነታት ኮይኑ ደኣ ይረኣየኒ። ኣነ ኣብ ባእሲ ቤተሰብ ንሽምግልና ኽጽዋዕ ኸለኹ፣ ሓዳር ንኽይፈርስ፣ "ሕደጉ፣ ተዓረቑ፣ ይቕረ-ይቕረ ተበሃሃሉ!" ኢለ ደኣ እመኽር እምበር፣ ተፋትሑ ኢልካዶ ይምከር እዩ? ነውሪ! ካብ ፍትሕኸ እንታይ ረብሓ ይርከብ? ቤት ይዓኑ፣ ቆልዑ በረኻ ይኣትው።

ምንም ጥቕሚ የብሉን። ኣብ ሓደ ሃገር ፍትሒ ኺህሉ ምጽዓር ደኣ ይግባእ እምበር፣ ፍትሕን ምፍልላይንስ ከቶ ጽቡቕ ኣይመስለንን። ካብ ምፍልላይ እንታይ ረብሓ እሞ ኺርከብ ኢልካ ኢኻ? ምናልባት ንገለ ቑሩባት ሰበ-ስልጣን ደኣ ይጠቕሞም ይኸውን እምበር፣ ንብዘሎ ሕዝቢስ ዚጠቅም ነገር እዩ ኢልካ ምሕሳብ ኣሸጋሪ እዩ።”

“‘ኣብቲ ሃገር ፍትሒ ኺህሉ ምጽዓር’ ኽትብሉ ኸለኹምከ እንታይ ማለትኩም እዩ?”

“ፍትሒ ማለት ኣብ ትንቢት ኤርምያስ፣ ኣብ ምዕራፍ 22 ቁጽሪ 3 እንዶ ተመልከቶ፤ “…ፍርድን ፍትሕን ክትገብር፣ ነቲ ጥቑዕ ካብ ኢድ ገፋዒ ኽተናግፎ፣ ንስደተኛን፣ ንዘኽታምን፣ ንመበለትን ከይብደሉ፣ ደም ንጹሕ ሰብ ኣብ ሃገርካ ኸይፈስስ…” እዩ ዚብል። ፍትሒ ማለት ንሱ እዩ እምበር ገዛኢ ሃገር ወዲ ዓድኻ ኾነ ወጻእተኛ፣ ግፍዒ ካብ ዝመጸ እንተ መጸ እንታይ ፍልልዩ? ኣብ ሓደ ሃገር ገፋዒ ጓና ኾነ ወዲ ሓወቦ፣ ገፋዒ ኣይ ገፋዒ እንድዩ? እታ ዓገብ ካብ ዝመጸት ትምጻእ ዓገብ እያ። ፍትሒ ድማ ድኻ ተበዲለ ኢሉ ኽጠርዕ ኸሎ ከምቲ ናይ ጥንቲ ‘ሕጊ እንዳባ’ ዝበልናዮ፣ ጽሩይን ጽፉፍን ዝኾነ ሓድሽ ሕግታት ተሓጊጉ ብዳኛታት ዚፍረድ፣ ዕርቂ እንተ ኾነ እውን ብሽማግለታት ሃገር ተሸምጊሉ ዚዕረቕን ዚውዳእን ማለት እዩ ፍትሒ ዝብሃል።

“ኣብ ኩሉ ዓለም ድማ ብርታዐን ሓይልን ካብ ሰነያ፣ ካብ ሕብረት፣ ካብ ብዝሒ ሕዝቢ ደኣ ይመጽእ እምበር ንበይንኻ ተፈሊኻ ብርታዐ ኣይርከብን። ሓንቲ ሃገር ድማ ንበይና ተፈልያ ንድኽነትን ንድኻምን ደኣ እምበር ምዕባለን ሃብትን ክትረክብ እያ ኢልካ ምሕሳቡ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። ሓይልን ሃብትን እተብሃለ ኣብ ዓለም ዘሎ ኹሉ ካብ ሕብረትን፣ ካብ ሓድነት እዩ ዚመጽእ።”

**ይቕጽል…**

***Back to Meskot***

---

***The views reflected in the above poem/article are solely of the author and are not necessarily shared by** Meskot**. You may contact G.E. Gorfu for comments at** gegorfu@yahoo.com**.***